


5 ነሓሰ ዕረፍቱ ኣቡነ ፍሊጶስ ኣንዳዴ ባሕር(ሩድል)

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላኽ ኣሜን።

5 ነሓሰ ዕረፍቱ ኣቡነ ፍሊጶስ ኣንዳዴ ባሕር(ሩድል)

ፊልፖስስ ናይ ገዳማዊ ዝኾነ ፍሊጶስ ትውልዱ ካብ ዓበይቲ ዝኾኑ መኳንንቲ ኣንከረ ኢዩ። ስም ኣቡኡ ይርድኣነ እግዚእ ስም ኣዲኡ ከኣ መግደላዊት ክኸውን ከሎ ኣቡኣ ከኣ ናይ ጽርእ ተወላዲ ኢዩ።ኣቡኡን ኣዲኡን ሕያዎትን መጽወትን ፡ከም ዓርኪ እግዚኣብሔር ከም ኣብርሃምን ከም ኢዮብን ኣጋያሽ ተቐበልቲ ንዝመጹ ስደተኛታት ሽጉራትን ንኹሉ ቤቶም ክፉት ነበረ።ከም ኣቦ ጦብያ ምጽዋት ይፈትዉ ነበሩ፡ነታ ምጽዋት ምስ ግብሪ ምስ ሰርሕዋን ብግብሪ ምስ ተርጎምዋን መገዶም ብሩኽን ቅኑዕን ኮነ።

መግደላዊት ካብ ዓይና ንብዓት እና ኣፍሰሰት ብጾምን ብስግደትን ተወሲና ንቤተ ክርስቲያን ካብ ምኻድን ካብ ምቐራብን ኣይተቐርጽን

ነበረት።ስድራቤታ ብሉይን ሓዲሳትን ምሂሮማ ስለ ዝነበሩከኣ ካብ መጻሕፍቲ እና ኣልዓለት ብእግዚኣብሔር ኣሚኑ ዝሓፈረ መን ኢዩ! መን ጸዊዕዎኸ ሸለል ዝበሎ ኣሎ! ትብል ነበረት።ልቢ ኣምላክ ቅዱስ ዳዊት ካብ ዝተዛረቦ ጠቒሳ “ኦ ጎይታይ ጸሎተይ ስምዓኒ ደሃየይ እውንናባኻ ይብጻሕ ብመከራይ ብመዓልቲ መከራይ ገጽካ ካባይ ኣይተርሕቕ እዝንኻ ናባይ ኣብል ክጽውዕካ ከለኹ ቀልጢፍካ ስምዓኒ”በለት ፡ደረማ’ውን “ሃና ስለ ወዳ ሳሙኤል ብዝጸለየትሉ እዋን ጸሎታ ከምዝሰማዕካያ ጸሎተይ ስምዓኒ፡ከምኡ’ውን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ትእዛዝካ ሓልዩ ብሕግኻ ዝኸይድ ንጽሁን ድንግል ዝኾነ ወዲ ንኤልሳቤጥ ከም ዝሃብካ ንዓይ’ውን ውላድ ክትህበኒ ጸሎተይ ስማዕ ።ኦ ! ጎይታይ ጸሎተይ ስማዕ፡ነቶም ዝተጨነቑ እተቃልለሎም ዘይሓሰብዎ ትህብ ንሽጉርትረድእ፡ሽግርን’ውን ተርሕቕ ንስኻ ኢኻ” በለት።ከምዚ ክትብል ከላ ከኣንብዓታ ከም ማይ ይፈስስ ነበረ።ንሰማይ ኣንቃዕሪራ ጸሎት ተዘውትር ነበረት ኣእዳዋ’ውን ንጸሎት ምስተዘርግሓ ኢየን።ጸሓይ ወጺኣ ክሳዕ እትዓርብ እግራ ክሳዕ ዝሓብጥ ትጽልን ትቕወምን ነበረት።ካብቲ ዝቕመትሉ ቦታ’ውን ብጭንቂ ኣእጋራ ተንቀሳቕሶም ምስጓም ትስእን ነበረት። እዛ ኣደ እዚኣ ከምተን ካልኦት ኣንስቲ ኣይነበረትን፡ከም ሣራ ሰበይቲ ኣብርሃም፡ከም ሓና ኣደ ሳሙኤል፡ትመስል ነበረት እምበር ከም ካልኦት ኣይነበረት።ካልኣይ’ውን ቤት እስርኤል ከም ዘገልግላ ከም ልያን ከም ራሄል ከም ኤልሳቤጥ እያ ትመስል ዝነበረት።

ንመግደላዊት ቅዱስ መልኣኽ ከም ዝተራኣያ

መግደላዊት ከምዚ ኢላ ከላ ብእዋን ጸሎት ክትጽሊ ከላ ሓዊ ዝመስል መስቀል ብየማናይ ኢዱ ጒዙ ናይ እግዚኣብሔር መልኣኽ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ተራእያ።እቲ መስቀል’ውን ኣርባዕተ መኣዝን ኣለዎ ከም ብልጭልጭታ ዘንጸባርቕን ባልባል ዝብልን ኢዩ።እቲ መልኣኽከኣ ንመግደላዊት ከምዚ በላ። ኣቲ ሰበይቲ ኣብዚ እንታይ እዩ ጠጠው ዘብለኪ ዘሎ፧” ሓዘንኪ እንታይ እዩ፡ኣብ ልዕሌኺ ዝወረደ ጓሂኽ እንታይ ኢዩ፡ንስኺ ፈራሂት እግዚኣብሔርን ሕያወይቲ ሰበይትን ምኺንኪ ይርእየኪ ኣለኹ ስለዚ ሓዘኪ እንታይ ኢዩ፧” በላ። ንመግደላዊት ከኣ “ጎይታይ እንታይ ትብለኒ ኣለኻ ሕደገኒ ግዳስ ምእንቲ ሓጥያተይን ምእንቲ በደለይን ክበኪ”በለቶ።እቲ መልኣኽ ከኣ መሊሱ “ኣነ ምእንቲ ሽግርኪ ተላኢኽ መጺኤ ኣለኹሞ እስከ ታዘንኪ ንገርኒ”በላ።መግደላዊት ከኣ “ኣነ ምሳኻ ምዝራብ ኣይክእልን እየ ተፍርህን መልክዕካ’ውን ግሩም ስለ ዝኾነ ክሳዕ ሎሚ እኳ ከማኻ ዝመስል ፈጺመርእየ ኣይፈልጥን እየ”በለቶ።እቲ መልኣኽ’ውን መለሰላ ከምዚ እውን በላ፡መልክዐይሲ ከምዚ ኣይኮነን ግዳስ ገጸይን ክዳነይን ሓዊ ብኢደይ ዝታዝክዎ’ውን ሓዊ ክኸውን ከሎ ኣካይዳይ’ውን ብልጭልጭል ከምዝብል መብረቕ ኢዩ፡እግዚኣብሔር ግዳ ከይትፈርሕን ከይትድንግጽን ኢሉ ከምድኻምኪ መጠን ናባኺ ፈነወኒ እምበር ኢሉ መለሰላ።ኣነስ ፈላሲ መሲለ መስቀል ሒዘ ዝመጻእኩ ንዓኺ ምእንቲ ከጸናንዓኪ እየ።መልክዐይ እንተ

ትርኢሞ ምድሪ ኣይምተሰከመትን መረፃ'ውን ኣይምኽኣለትን። መግደላዊት ከኣ ቃልካ ጽቡቕ እዩ ጎይታይ መገድኻ እውን ቅኑዕ እዩ ኣሰርካ'ውን ብርሃን ኢዩ ኣነ ንዓኻ ብምርኣየይ ተሓረሰ ኣለኹ ብዝከኣለካ ግን ኣጸናንዓኒ ።

እቲ መልኣኽ ካኣ ኣምላኽይ ናባኺ ዝለኣኸኒ ንዓኺ ንምጽንናዕ ኢዩ።ኃዘንኪ ንገርኒ እምበር ንዓይ ብምርኣይ ዝተሓጎስኪ ካብ ሓዘንኪ ምስተጸናንዕኪ ድኣ ክንደይ ትሕጎሲ ትኾኒ በላ።መግደላዊት ከኣ ነቲ መልኣኽ ከምዚ በለቶ “ኣነ ዘሳዝነኒ መኻን ስለ ዝኾንኩን ውላድ ስለ ዘይብለይን ብኣንስቲ ዓደይን ጎረባብተይን ምጸረፍንመሳሓቕን ኮይነ ኣለኹ፡ ብኣዝማደይ'ውን ተዋሪደ ኣለኹ ስለዚ ከይወለድኩ ምማተይ የሕዝነኒ” በለቶ።እቲ መልኣኽ ከኣ”እግዚኣብሔር ጸሎትኪ ሰሚዑኪ መብጽዓኺ'ውን ተቐቢልዎ እዩስለዚ ብትምህርቱ ብዙሕ ህዝቢ ዘድሕን ንብዙሓት'ውን ኣቦ ዝኸውን ዝኸበረ ክብ ዝበለ ዝተባረኸን ዝተቐደሰን ውላድ ክህበኪ ኢዩ”በላ። “ደቁ ብዙሕ ኣህጉር ዝወርሱን ብወገን ምብራቕ ከም ከዋኽብቲ ዘብርሁ ክኾኑ ኢዮም” በላ።ነዚ ዝሰምዐት መግደላዊት ኣዝያ ተሓጎሰት “ናይባርይኡ ውርደት ተመልኪቱ ይቕረትኡ ዝገበረለይ'ውን ዓስቢ ጸሎተይ ዘይከልኣኒ እግዚኣብሔር ይመስገን” ኢላ'ውን ንኣምላኽ ኣመስገነት።መሊሳ ከኣ ነቲ መልኣኽ “መን ኢዩ ስምካ ጎይታይ ፧”ክትብል ሓተተቶ።እቲ ቅዱስ መልኣኽ “ስመይሲ ሕቡእ ስዉር ተደናቒ ኢዩ”ድሕሪ ምባል ንሱ ሓደ ካብቶም ሸውዓተ ሊቃነ መላእክት ከም ዝኾነ ገለጸላ። መሊሱ ከኣ” እዚ ዝነገርኩኺ ክሳብቲ ግዜኡ ሳብእዮ ናይ መንግስቲ ምስጢር እንተ ተኃብአግቡእ ኢዩ ናይ እግዚኣብሔር ስራሕ ግን ብኽብሪ ይገልጽዎ ኢሉ መጽሓፍ ከም እተናገረ ድኒሩ ንኹሉ ኢዩ ዝገልጽ” ኢልዋ ካብኣ ተሰወረ።መግደላዊት እውን “ግዜኡ ክሳዕ ዝግለጽ ነገርካ ሕባእ ብብልሓትካ'ውን ብዙኃት ክዛረቡ ኢዮም” ኢሉ መጽሓፍ ከም ዝገለጸ፡ነገራ ሰዊራ ተቐመጠት።

መግደላዊት ነዚ ነገር እዚ ንምርካብ ደገ ክትጸንዕ ከላ ብኻልእ ወገን ከኣ ክቡር ካብ ኩሉ ዝበልጽ ካብ ሓደ ፈላሲ ቅድም ኢላ ዝሰምዓቶ ነገር ነበረ።ዝኸውን ነገር ከይኮነ ዝፈልጥ ከም ነቢያት ነቢይ፡ከም ሓዋርያት'ውን ሓዋርያ ዝኾነ ካብ ሓደ ፈላሲ ነገሩ ሰምዐት።እቲ ፈላሲ ነታ መግደላዊት ዘላታ ዓዳ ምስ ረኣየ ብሓጎስ ክምስ ክምስ ክብል ጀመረ።ስራሕ እግዚኣብሔር ዘገርም ኢዩ እና በለ እውን ኣፁ ብኢዱ ከደነ።እቶም ፈለስቲ ብጾቱ እውን “ኣንታ ኣቦና ንምንታይ ኢኻ ትድነቕ ዘለኻ ወይሲ እዘን ኣዒንትኻ እንታይ ርእየን እየን”በልዎ። “ንዓይ ዘደንቕኒዘሎ ንብዙሓት ኣቦ ዝኸውን መራሒ ኣብዛ ዓዲ እዚኣ ስለ ዝውለድ እዩ”በሎም። “ዝንኡ ዓቢይ ክኸውን እዩ።ምእንቲ ሕግን ትእዛዝን፡ ምእንቲ ቀዳመይቲ ሰንበትን ሰማዕትነት ክቕበል ኢዩ”ክብል ተዛረቦም።

ብድሕሪ እዚ ከምቲ እግዚኣብሔር ብመልኣኹ ዝነገራ መግደላዊት ጠነሰት ንምውላድ እውን ቀረበት እንተኾነ ጠኒሳ ከላ ሰብኣያ ይርድኣነ እግዚእ ሞተ።

መግደላዊት ወዲ ከም ዝወለደት

መግደላዊት መዓልቲ ሕርሳ ምስበጽሐ፡ ከም ኣዒኢንቲ ወዲ እሰይ ዘሐጉስ ገጹ፡ ከም መልኣኽ እግዚኣብሔር ዝመስል ሕጻን ወለደት።ቂሑ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኢያሪኮ ብወርሒ ልዮን ኣዝዩ ከም ዝዕምብብ ጽጌረዳ ገጹ'ውን ብወርሒሚያዝያ ዘብለጭልጭን ከም ዘንጸባርቕን ከም ክበብ ጸሓይ ነይሩ ክበብ ገጹ ከም ወጋሕታ ወርሒ ኣብሩልዮስ የብርህ ኣረኣእያ ዓይኑ ከኣ ዘፍርህን ዘደንግጽን ኢዩ።ኣብ ሰብነቱ ድማ ብወርቂ ኤጼስ ከም ዝዘውር ደመና፡ ከምኡ'ውን ናይቲ ጣዕሚ ሽታኡ ብወርሒ ጥቅምቲ ከም ዝዕምብብን ከም ዘፍርን ከም ሽታ ገነት እዩ።እቲ ወዝ ገጹ'ውን ከም ዘይቲ ኣውሊዕ እዩ ኩሉንትንኡ ከኣ ዕምባባ ወይንን ኣውሕን ዝተመርጸን ዝተሓርየን እዩ።

ኣተዓባብያን ምንኩስና

እዲኡ መግደላዊት ምህርቲ ብምንባራ ንእንኮ ሕጻን ወዳ ፊልጶስ መገዲ እግዚኣብሔር ከጽንዕ ብዝግባእ እናመሃረትኣዕበየቶ። ቑርብ ልቢ ምስ ደረበ ከኣ እቲ ዝግባእ ትምህርቲ ምንኩስና ክስዕብን ክፍጽምን ምስ ለበዋ ናብ ገዳም ክትሰዶ ብምውሳን ብዙሕ ናይ ምዕዶ ቃላት ተዛረበቶ። ሕፃን ፊልጶስ'ውን ለበዋ ኣዲኡ ሰሚዑ ብዛዕብኡ ብዙሳ ክትስከፍ ከምዘይብላ ብምግላጽ ደረም "ሊተሰ አቡየኒ ወእምየኒ እግዚኣብሔር ውእቱ"(ደረም ንዓይሲ ኣቦይን ኣደይን እግዚኣብሔር እዩ) ብምባል ጽኑዕ ናይ እምነት ቃሉ ሂብዋ። ንሕፃናት ለባማትን ጥበበኛታትን ዝገብር እግዚኣብሔር ከኣ ምስኡ ከምዝኾነ ብምንጋር፡ ኣዝዩባህ ብዝብል ቃል ብዛዕባኡ ክሳብ እትግረም ንኣዲኡ ኣጽናንዓ። ብኽምኡ ከኣ ኣደን ወደን ተፈላለዩ። ሕፃን ፊልጶስ ድማ ንድሳሪት ግልጽ ከይበለ፤ ጸሎቱ እናብጽሐ፤ እግዚኣብሔር ብርሃኑ ክኸውን፡ መገዱ ድማ ክመርሑ እናተማሳፀነ ናብ ገዳም መገዱ ቀጸለ።

ኣብ መገዲ ከሎ ድማ ቅዱስ ገብርኤል ተገሊጹ ባረኾ። ብድሳሪኡ ከኣ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ተገሊጹ ንኹሉ ምሥጢር መጻሕፍቲ ገለጸሉ። ደብረ ጸራቢ ናብ ዝተባህለ ገዳም ክኸይድ እሞ፤ ረድእን ደቂ መዝሙርን አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ምስ ዝነበሩ በኪሞስ ዝብሃሉ ዓቢ መነኮስ ክራኸብን፤ ካብ ኢዶም ከኣ ክምንኩስን፤ ኣስኬማ ክደፍእን ተነግሮ።

ፊልጶስ ገና ካብ ሕጻንነቱ ጀሚሩ መንፈስ እግዚኣብሔር ዝተመልአ ብምንባሩ ስርሑ ዘበለ ከምቶም ዝቐደሙ ቅዱሳን ኣበው ብመንክራት ዝደመቐ እዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተነግሮ ከኣ ኣብ መበል12 ዓመት ዕድሚኡ፤ ብኢድ ኣቡነ በኪሞስ ኣብ ደብረጸራቢ መንኮሰ። ስም ምንኩስናኡ ከኣ ከምቲ ክጥምቕ ከሎ ዝተዋህቦ ከይተቐየረ ፊልጶስ ተባህለ። ካብ ኢድ አቡነ በኪሞስ ስለዝመንኮሰ ከኣ ሓረገ ትውልዱ ካብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ እዩ። እንጦንስ – መቃርስ – ጳኩሚስ – ሊባኖስ – ዖፅ (ብእሴ ሰላም) – አድኃኒ – ጸላድዮን –

ቅቡዕ እግዚእ – ኣትናቴዎስ – ይስሓቅ – ዕብነ ሰንበልት – ዳንኤል – ኤዎስጣቴዎስ – በኪሞስ – ፊልጶስ ዝብል ሓረገ ትውልዲ ምንኩስና ሒዙ ይርከብ።

እምበኣር ፊልጶስ ኣብቲ ገዳም ካብ ዝኣተዉሉን፤ ብዝያዳ ከኣ ኣልባሰ ምንኩስና ድሳሪ ምልባሶምን፡ ኣኽሊለ ኣስኬማ ቅድስት ድሳሪ ምድፍኦምን ኣብዚ ደብሪ ንዘለዉ መነኮሳት ብትግሃት እናገልገሉ ብጾምን ጸሎትን ተጸሚዶም ይነብሩ ነበሩ።

መዓልቲ ዕረፍቲ ኣቡነ ፊሊጶስ

“ሕጂ ድማ ብድሕረይ ኣቦ ዝኾነኩም ሕረዩ”በሎም።እቶም ኣርድእቲ ድማ እዚ ምስ ሰምዑ ንዓና ሓዲግካና ናበይ ኢኻ ኣቦና፤ኣቦና እና በሉ ብኽያት ጀመረ።ንመንከ ሓዲግካልና ኢኻ ከማኻ ዝበለ መምህር ዝምዕደና ኣበይ ክንረክብ ህይወት ዝፍልፍል ማይ ህይወት ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝምህረና መን እዩ፧” በሉ። ሰማዕት ፍሊጶስ ድማ ከምኡ ኣይኮነን እዚ ይትረፍ እሞ ኣቦ ዝኾነኩም ምረጹ በሎም።ብድሕሪዚ ደቁ “እግዚኣብሔር ዝኣዘዘካ ግበር” በልዎ።ቅድሚኡ እውን ደቁ “ብድሕሪኻ ዝሕልወና መን ኢዩ፧” ኢሎም ሓቲቶምዎ ነይሮም ኢዮም።ፍሊጶስ ሰማዕት ከኣ “ክሳዕ ሕጂ ኣይመጸን”በሎም።መልክዑ ጽቡቕ ዝኾነ ሓደ ቆልዓ ምስ መጸ፡ገጸ ከይረኣዮ ከሎ ሰማዕት ፍሊጶስ ብድሕረይ ኣቦ ዝኾነኩም ንሱ ኢዩ በሎም።ብድሕርዚ ብርቱዕ ሕማም ሓመመ እቶም መላእኽቲ ድማ ከመስግንዎን ብክንፎም ክጋድዎን ብኣዒንቱ ረኣየ።ካብኣቶም መፍትሕ ብርሃን ከልዕሉ እኒ ኪሩቤል እኒ ሱራፌል ኣብቅድሚኡ ክመላለሱ ረኣየ ሰራዊተ እግዚኣብሔር ድማ ብየማኑን ብጸጋሙን ክእከቡ ማሕበር ሰማእታትን ማሕበር ጻድቃንን ክኸብዎ ረኣዮም።ዓይኑ ንሰማይ ቋሕ ኣቢሉ ምስ ራእየ ድማ ክብ ኣብ ዝበለን ኣብ ዝተቐደስን መንበር ንእግዚኣብሔር ረኣዮ።ክብሪ ንዕኡ ይኹን ካብኡ መጺኡ “ፍሊጶስ ሰላም ንዓኻ ይኹን ናብ ዘልኣለማዊ ሕይወት ንኽትከይድ ካብዚ ዓለም እዚ እትፍለየሉ ኣኺሉ እዩ”በሎ።ፍሊጶስ ድማ ንኣምላኹ ኣምላኽይ ቤተይ ከመሓድር ደቀይ ከነባብር ደብረይ’ውን ንምውሳን ግዜ ሃበኒ በሎ።ኣምላኹ ድማ ዝኃለፈ ግዜ ይኣኽለካ ቅድሜኻ ካብ ዝነበሩ ጻቃን ንስኻ ገድልን ድኻምን ስለ ዘብዛሕኻ ኢኻ ፡ብዛዕባ ስርዓት ደቅኻ ግና ኣይሸግር ካማዕርጎም ክብ ኢሉ ኢዩ እሞ ሰማያዊ ኣቦይ ተሓጊስሉም መንፈስ ቅዱስ’ውን ብተጋድልኦም ደስ ኢልዎ ኣሎ።ንስኻ ኣገልጋልየይ ፍሊጶስ ካብ ሕማም ናብ ጥዕና ካብ ድኻም ናብ ዕረፍቲ ካብ ሓዘን ናብ ሓጎስ ካብ ሞት ናብ ህይወት ኣብ ሰማያት ድኣ ኣዳራሽ ኣሎ እምበር ኣብ ምድሪ ብሞት ኣድልዎ ስለ ዘየልቦ ንዓ።ሰማእት ፍሊጶስ ድማ ንኣምላኹ ከምዚ በሎ “ቅዳም ኪዳን ከም ዝሃብካኒ ሕጂ’ውን ሃበኒ”።ኣምላኽ ድማ “ኣነ ዘይሃብኩኻ እንታይ ኣሎ ብዙሕ ኪዳን ሂበካ ኣለኹ”በሎ።ፍሊጶስ ንኣምላኹ “ዝተረፈኒ ቅሩብ ስለ ዘሎ “በሎ፡ ኣምላኽ ድማ “በል እቲ እትደልዮ ሕተተኒ”በሎ። ፍሊጶስ ድማ ንኣምላኹ

“ኦ ኣምላኽይ ስምዓኒ ናይ ገዳመይ ሕግን ሓድነትን ክሳዕ ዕለተ ምጻኣት ኣይተፍርሰለይ”በሎ።ኣምላኹ ድማ ከምቲ ዝበካዮ ይኹነልካ በሎ።

ከምኡ ድማ ፍሎጶስ “ገዳመይ ብሓዊ ከይትነድድ ሓልዋ፡ ኣብ ገዳመይ ሕማም ተላጋብ ከይ መጽእ ሓልዋ”ክብል ሓተተ።እግዚኣብሔር ከኣ ከምቲ ዝበልካዮ ይኹነልካ በሎ።ቀጺሉ ፍሊጶስ ብዛዕባ ትምህርተይ ንዝኣምኑ እንታይ ትብል፧በሎ።ኣምላኹ ድማ ምሕረት ኣቦይ ትርከቦም በሎ።

“ቆቡዔይ ንዝለበሱ ኸ እንታይ ኢኻ ትህቦም ፧ገዳመይ ንዝሓለዉኸ እንታይ ኢኻ ትህቦም፧” ኣምላኹ ድማ “ዝባላዕ ሓዊ ኣይቀርቦምን ኢዩ።መንበሪኡም ግና ከም ግብሮም ኢዩ”በሎ።ካልኣይ’ውን “እንሬራ ብምሃብ፡ ክዳን ብምኽድን ብሓጎስ ኮይኖም ንድኻታት ዘብልዑን ዘስትዩን፡ተስካረይ ንዝገበረኸ እንታይ ትህቦ፧ ” በሎ። ኣምላኹ ከኣ “ንሱስ ኣብ ሃገርካ ምሳኻ ይወርስ”በሎ። ብድሕሪዚ መድኃኔኣለም ቃል ኪዳን ምስ ሃቦ ሎሚ እዞም ማኣበረ በኩር ዝበሃሉ ሕጎም ንኽቅበሉኻ ቀልጢፍካ ቤትካ ኣዳሉ ኢድካ እውን ኣብ ልዕሊ ርእሲ ወድኻ ዮሓንስ ኣንቢርካ ባርኮ በሎ።ሙሴ ንኢያሱ ከም ዝባረኾን ኤልያስ ድማ ንኤልሳዕ ዕጽፍን ድርብን ካብ በረኸቱ ከም ዘሕደረሉን ባረኾ።ሽዑ ሰማዕት ፍሊጶስ ተሓጎሰ ንደቁ ድማ ከምዚ በሎም ‘’ሎሚ ማኣበር እግዚኣብሔር ነፍሲ ኣቦኹም ካባኹም ፈልዮም ንኽወስድዋ እና ተጸበይዋ እዮም ኣቑዲመ’ውን ነረረኩም ነይረ።ሕጂ ድማ ኣምላኽይ ከም ዝኣዘዘኒ ንኣቦኹም ንዮሓንስ ተኣዘዝዎ ንዮሓንስ ዝትኣዘዞ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝተኣዘዞ ኢዩ።ንዮሓንስ ዘይተኣዘዞ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዘይተኣዘዞ ኢዩ” በሎም።ከምዚ እና በሎም ከኣ ኣዒንቱ ንሰማይ ክጥምታ ከለዋ ነሓሰ ዕለት 5 ነፍሱ ካብ ስጋኡ ተፈልያወጸት። መድሃኔኣለም ድማ ብኢዱ ተቐበላ ብምኡዝመለኮቱ ኣምኢዙ ድማ ካብ ህጻንነቱ ጀሚሩ ይሕልዎ ንዝነበረ ንገብርኤል ሃቦ።ገብርኤል ድማ ካብ ኣምላኹ ተቐቢሉ ምስቶም ማኣሌታውያን እና ዘመሩ ናብ ሰማያት ኣዕረግዎ።ኣብኡ ድማ በዓ ልወዲ እሰይ ዳዊት ሃሌ ሉያ ብዙሕ ዘመን ዝነብር፡ንዝዓለመ ዓለም ዝነብር ሂብካዮ እና በሉ ኣብኡ በጽሑ።መዘከርታ ጻድቕ ንዘላኣለም ይነብር ሃሌ ሉያ።

ጻድቃን ብእግዚኣብሔር ይሕጎሱ ሃሌ ሉያ ንቅኑዓት ክብሪ ይግብኦም ሃሌ ሉያ።ጻድቕ ግን ከም ጽሕዲ ከበሳ ይበዝሕ ሃሌ ሉያ።ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ዝተተኽሉ ኢዮም ሃሌ ሉያ ኣብቲ ናይ ኣምላኽና ቦታ ይፈርዩ ሃሌ ሉያ ኣብኡ ድማ ይዓርፉ። እዚን ከምዝን ዝኣመሰለ ማሕበረ እግዚኣብሔር እና ዘመሩ ንነፍሲ ፍሊጶስ ሰማዕት ንሰማይ ኣዕረግዎ። ኣብቲ ሓጎስ ዝመልኡ፡ዝለምለመ ቦታ ዕረፍትን፡ሞት ዘይብሉ ቦታን ኣእተውዎ። ጸሎትን በረኽትን ናይ ኣቡነ ፍሊጶስ ምስ ኩላትና ይኹን።ኣሜን።

ስለ ኣቡነ ፊሊጶስ ካብ ዝተነግረ

ኣብነ ፊሊጶስ ብመን ክንምስሎ ምስ መንከ ክነመዓራርዮ ኢና መስዋዕቱ ብዝሠመረሉ ብኣቤል ወይሲ መመላለሲ ብርሃናት ብዝረኣተ ብሄኖክ ክንምስሎ።እግዚኣብሔር ካብ ብዘውርዶ መዓት ብዝደሓነ ብኖሳዶ ክንምስሎ ወይስ ምእንቲ ክህነቱ ዕሽር ብዝተቐበለ ብመልከ ጼዴቅ ክንምስሎ።ካልኣይ ንልዑል ኣምላኽ ብምምላኽ ብዝተደንቀ ብኣብርሃምዶ ወይስ መስዋእቲ ተባሂሉ ብዝተጸውዐ ብይስሃቅ ክንምስሎ። ወይሲ ዕድል ርስቲ እግዚኣብሔር ብዝኾነ ያዕቆብ ክንምስሎ ወይሲ ሕረ ኦሪት ብዝሰርዐ ብሙሴ።ካልኣይ ድማ ብመጠምጠሚኡባሕሪ ዮርዳኖስ ብዝኸፈለ ብኢያሱ ዶ ክንምስሎ ወይስ ብትዕግስቱ ንኢዮብ ንበሎ ወይሲ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ብዝዓበየ ብሳሙኤል ክንምስሎ።

ገርሂ ብዝኾነ ብዳዊትዶ ክንምስሎ ወይሲ ትንቢት ብምንጋሩ ብነብያት ክንምስሎ።ከም ናይ ሃይማኖት መሰረት ብዝኾነ ከም ጴጥሮስ ወይሲ ልሳነ ዕፍረት ብዝተባህለ ከም ጳውሎስ ንስመዮ።ወይሲ ከም ነባቤ መለኮት ዮሓንስ ድንግል ኢልና ንጸውዓዮ።እዚ ኩሉ ምስላን ምስጋናን ናይ ሊቅ ፍሊጶስ ስብሓታትን ቅዳሴን ኢዩ።ኣገልጋሊ ንስላሴ ኣብ ናሕሲ ኤልሴ ዝተተኽለ ዕንጸይቲ ኦም ኣንሴ ሕማም ዝልጋሴ ዘጥፍእ ናይ ዘዌ ጨንፈር ናይ ምራቕዊ ውሕጅ ሕማም ማያት ዝፍውስ እምኒ መድሃኒት እምኒ ባህርይን እምኒ ኣፍጽን እምኒ በረድ ኣብ ሰማይ ዝተሓንጸ እምኒ በረዶንክስን ሓምላይ ዕንቁ ሰርዶክስን ሉል ሶፎር መረግድ ዝተመስገነ ክርስትራክስ ናይ መዓዛ መዓዛ ናይ ከርቤ ናይ ቀንዓት ናይ ስኒን ናይ ሰሊሖት ኣምበር ናይ ዓውል መዓዛ ፍሊጶስ ኢዩ። ደቂ ሰባት በቲ መዓዛኡ ዝቕብኡ ጥዑም መዓዛ ኢዩ።ናይ ንጉስ ሰሎሞን ናይ ንግስናኡ ኢድ መንስኢ ዝግበር መርከብ ፍሊጶስ ኢዩ ንተርሴስ ብዝኸይድ ኣብ ርሑቕ ባሕሪ ዝሕምብስ ብዝግታ ብሰላትያል ንፋስ ዝኽብክብ መራሒኣ ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸውን ከሎ እቶም ጀለብቲ ጴጥሮስን ጳውሎስን እዮም።ፍርኣ ወይንን ሮማንን ዝኾኑ ፍሊጶስ ገነት እዩ መዓዛታቱ ድማ ናርዶስን ኣስጳዳቶስን እዮም። ፍረ ወይንን ሮማንን ጨና ጥዑም ምዑዝ ዕፍርታት ናይ ገነት ማይ ካብ ከበሳ ናይ ሕይወት ማይ ዒላ እዩ።

(መስከረም 5 ዝንበብ)

ሐጽር ብዝበለ ድኣ ነዚ ጽሑፍ እዚ ኣቐሪብና እምበር ናይ ቅዱሳን ኣቦታትና ታሪክ ይጅመር እምበር ኣይውዳእን እዩ።ክብሪ ንእግዚኣብሔር ይኹን ናይ ሃይማኖት ቀናኣት ዝኾኑ ናይ ቅድስት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ኤርትራ ሊቃውንቲ ገድሊ ኣቡነ ፍሊጶስን ኣቡነ ዮሓንስን ካልኦት ኣቦታትን ኣዳልዮምልና ስለ ዘለዉ ብዝዓሞቐን ብዝሰፍሐን ኣብኡ ንነብቦ።

እምበር ቅዱስ ኣቦና ኣቡነ ፍሊጶስ(ፋድል)ብቅድስንኦም ንባሕሪ ዘንደዱ ኣብ ቅድሚ ከሰስቶም ተዓዊቶም ሃይማኖት ተዋህዶ ዘጽንዑ ብፍላይ ከኣ ስለ ቀዳመይቲ ሰንበት ዝተገብረ ክርክር ምስ ግብጻውያን ብትሪ ተቐዊሞም ንሕረ

ኣምላኽ ዘጽንዑ ቅዱስ ኣቦ ኢዮም። ቅዱስ ኣቦና ኣቡነ ፍሊጶስ ናብ መምህር ቀሪቦም ፊደል ከይተማህሩ እግዚኣብሔር ስለዝገለጸሎም ፊደላትን ምስጢራትን ክፈልቱ ስለዝኸኣሉ ፋድል ተባሂሎም ተጸውዑ።እዚ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ኢዩ።

ጸሎቶም በረኸቶም ምስ ኩላትና ደቆም ይኹን ኣሜን።

ምንጪ ፦(ገድለ ኣበው ቅዱሳን ዘደብረቢዘን ብግዕዝን ትግርኛን)

ስብሃት ለእግዚኣብሔር
ወለወላዲቱ ድንግል
ወለመስቀሉ ክቡር

ኣሜን